# ኣብ ትግራይ ልዕሊ 85 ሰባት ተጨውዮም ናብ ኤርትራ ተወሲዶም ይብሉ መሰኻኽር

ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ብባህላዊ ወርቂ ይኣሪዩ ካብዝነበሩ ሰባት ልዕሊ 85 ዝኾኑ ተጨውዮም ናብ ኤርትራ ከምዝተወሰዱን ክልተ ሰባት ድማ ከምዝሞቱን ካብቲ መጭወይቲ ኣምሊጥና ዝበሉ ንቪኦኤ ገሊፆም።




ዋሽንግተን—

ኣብ ኤርትራ ዝመደብሩ ናይ ኢትዮጵያ ተቓዋሚ ውድብ ዴሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ/ዴምህት/ ብዛዕባ እዚ ዝፍለጥ የብለይን ኢሉ’ሎ።ናይ ቀደም ኣቦ መንበር ዴምህት ኣቶ ሞላ ኣስገዶም ግን ዴምህት ቅድሚ ሎሚ ብተመሳሳሊ ንመንእሰይ እናጨወየ የሰልፎም ከምዝነበረ ተዛሪቦም ኣለው።

ካብ መንግስታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ሓበሬታ ንምርካብ ዝተገብረ ፈተነ ኣይሰለጠን።

29 ጥሪ 2008 ዓ.ም ኣብ ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ጣቢያ ኢድሪስ ፍሉይ ሽሙ ፅርጋ ግርማይ ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ሰባት ኣብ ሩባ ተከዘ ብባህላዊ መንገዲ ወርቂ ይአርዩ ኣብ ዝነበሩሉ ዕጡቓት ካብ ዶብ ኤርትራ ሰጊሮም ከምዝኸበቡዎም ካብቲ መጭወይቲ ኣምሊጥና ዝበሉ መናእሰይ ሓለፎም ግርማይን ማሙ ኣብርሃን ካብ ከተማ ሑመራ ገሊፆም።

እቶም መሰኻኽር ብተወሳኺ እቶም ጨወይቲ ወታደራዊ ዩኒፎርም(ሬጀንጀር ) ዝተኸደኑ 27 ዕጡቓት ምኽኖምን ትግርኛ ይዛረቡ ከምዝነበሩን ገሊፆም ኣለው ።

[ምሉእ ትሕዝቶ ኣብዚ ምስማዕ ይክኣል።(Click to Listen here)]

Note:

If the above news is true the Ethiopian government must do all in its power to bring back these people. We think enough is enough.  People are demanding peace, people are demanding security and the Ethiopian government has a constitution duty if not a martyr's promise (Hidri) to protect the people and the country. We say again enough is enough! Shaibya is testing the people's will and if these people abducted are not returned, we can only conclude the EPRDF government is not living up to our expectation and the mandate it was given by the people. Aigaforum Feb 18, 2016.